# ንምርጫ ናይ ዓመተ ዝምልከት ኩሉ ክትፈልጦ ዘለካ ነገራት

**ኣበይን መዓስን ከድምጽ ይኽእል?**

ካብ 26 ነሓሰ ክስብ’ታ ምርጫ ዝካየደላ ዕለት፡ 13 መስከረም፡ ኣብ ዘሎ ግዜ ኣቐዲምካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ መላእ ሃገር፡ ኣቐዲምካ ከተድምጸሉ ኣብ እትኽእል ቦታ ብምኻድ፡ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብታ ምርጫ ዝካየደላ ዕለት፡ 13 መስከረም፡ ኣብቲ ኣብ ወረቐት-ምርጻ ሰፊሩ ዝርከብ ቦታ ብምኻድ፡ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ምርጫ ዝካየደሎም ቦታታት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ val.se ኣቲኻ ክትረኽቦ፡ ትኽእል።

**ኣበየኖት ምርጫታት ከድምጽ ይኽእል?**

እታ እትለኣኽልካ ወረቐት-ምርጻ፡ ኣበየኖት ምርጫታት ከተድምጽ ከምእትኽእል ዝገልጽ ሓበሬታ፡ ዝሓዘት እያ። ወረቐት-ምርጻ ብዲጂታላዊ ሳጹን-ቦስጣ ከምኡ ውን ብወረቐት ብተራ ቡስጣ ይለኣኽልካ።

ኣብ ምርጫ ባይቶ ንምድማጽ፡ ነዚ ዝስዕብ ከተማልእ ኣለካ፡-

- እንተደንጓኻ ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ
- ዜግነት ሽወደን ዘለካ ክትከውን ኣለካ። ከምኡ ውን
- ኣብ ሽወደን እትነብር ወይ ትነብር ዝነበርካ ክትከውን ኣለካ

ኣብ ባይቶ ዞባን ባይቶ ከተማን ንምድማጽ፡ ነዚ ዝስዕብ ከተማልእ ኣለካ፡-

- እንተደንጓኻ ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ
- ዜግነት ሽወደን ዘለካ ከምኡ ውን ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካወይ ውን
- ዜግነት ናይ ሓንቲ ኣባል ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ወይ ውን ዜግነት ኣይስላንድ ወይ ነርወይ ኴንካ ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካወይ ውን
- ዜጋ ናይ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሳ ሃገራት ወጻኢ ወይ ከኣ ሃገር-ኣልቦ ኴንካ፡ ቅድሚ ዕለተ-ምርጫ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ሽወደን ክትነብር ዝጸናሕካ ነባሪ ናይቲ ዞባ ወይ ከተማ ክትከውን ኣለካ።

**ክማልኦ ዝግበኣኒ ነገር ኣሎ`ዶ?**

መንነት ወይ ታሴራ ሒዝካ ክትመጽእ ኣለካ። ታሴራ ምስዘይህልወካ ከምኡ ውን ተቐባሊ-ድምጺ ዘይፈልጠካ ምስእትኸውን፡ ካልእ ሰብ ክምስክረልካ፡ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ፡ እቲ ዝምስክረልካ ሰብ፡ ታሴራኡ ከርኢ ኣለዎ። ወረቐት-ምርጻ ከምኡ ውን መድመጺ ቡስጣ ኣብ ኩሉ መድመጺ ቦታታት ተቐሪቡ ይርከብ።

(ፍልፍል፡ valmyndigheten.se)